



## ምኽራይ ኣብ ሲያትል

## መሰላት ሓላፍነት መሳለጥያታት

### ተኻረይቲ እዚ ዝስዕብ መሰላት ኣለዎም:-

- ኣብ ውሑስን ዝተዋደደን ኣብይቲ ናይ ምንባር
- ካብ ኣግልሎን ፍድያ-ሕነን
- ገዛ ክለቑ እንከለዉ ኣቐዲሞም ክሕበሩ
- ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ገዛ ክልቑ ከይግደዱ
- ንውዕል ክራይ ዝምልከት ምልውዋጣት ምስ ዘጋጥም ብጽሑፍ መልክዕ ክሕበሮም

### ተኻረይቲ እዚ ዝስዕብ ሓላፍነታት (ግዴታታት) ኣለዎም:-

- ክራይ ገዛ ክኸፍሉ
- ኣብ ዝተኻረይዎ ገዛ ዘሎ ንብረት ከየዕንዉ
- ንውዕል ክራይ ከኽብሩን ብግቡእ ክኽተሉ
- ዋና ገዛን ኣመሓዳሪ ናይቲ ክራይ ኣባይትን ናብቲ ገዛ ንምእታው ምኽኑይ ዝኾነ ዕድላት ክህብዎም

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ መሰላትን ግቡኣትን ተኻረይቲ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ኣለኩም:-

**www.seattle.gov/rentinginseattle**

## ተወከሱና/ምሳና ተራኸቡ

**መርበብ-ሓበሬታ**
www.seattle.gov/RRIO

**ቁጽሪ-ስልኪ**
(206) 684-4110

**ቲቲዋይ**
7-1-1 ወይ (206) 233-7156

**ብኢመይል ወይ ብኣካል**
700 Fifth Avenue, 20th Floor
PO Box 34234
Seattle, WA 98124-1234

## ብኻልእ ቋንቋታት

Amharic (አማርኛ) • Cambodian/Khmer (ភាសាខ្មែរ) Chinese (中文 ) • Korean (한국어) • Lao/Laotian/ Phaasaa Laao (ພາສາລາວ) • Oromiffa • Russian (русский язык) • Somali/af Soomaali • Spanish (Español) • Tagalog • Thai (ภาษาไทย) • Tigrinya (ትግርኛ) Vietnamese (Tiếng Việt)

City of Seattle
Department of Construction and Inspections

# ሓበሬታት ብዛዕባ ክትትል ክራይ



## ትካል ምዝገባን ቁጽጽርን ኩነታት ክራይ ኣባይትን (RRIO)

*ንጹህ መንበሪ-ኣባይቲ ንተቐማጦ ሲያትል ምውሓስን ኩነታት ኣባይቲ ምምሕያሽን*

## ስለምንታይ መንበሪ-በተይ ክትትል ኣድለዮ?

ንጽህና ዝካረ ኣባይቲ ምቁጽጻርን ምዕቓብን ንከተማ ስያትል ንኽትነብረላ እትበሃግ ከተማ ይገብራ። ትካል ምዝገባን ቁጽጽርን ከተማ ስያትል (RRIO):- ኩሉ ዝካረ ኣባይቲ መሰረታዊ ቅጥዕታት ዝማልአ ምዃኑ ይቆጻጸር። እዚ መደብ፡ ተኻረይቲ ኣብ ንጽህንኡ ዘይሓለወ ገዛውቲ ከይነበሩ ንምግባር ዝዓለመ እዩ።

**እትነብሩርሉ ገዛ ንጹህ ድዩ ኣይኮነ ንምፍላጥ እምበኣር ቁጽጽር ክካየደሉ ኣለዎ። ነዚ ቁጽጽር'ዚ ክካይድ ዝግብኦ ዋና ገዛ ወይ ኣመሓዳሪ ናይቲ ትካል ክራይ-ኣባይቲ እዩ።**



## ቁጽጽር መን የካይዶ?

ቁጽጽር ብሓደ ካብዞም ዝስዕቡ ይካየድ:-

- ናይ ከተማ ተቆጻጻሪ
- ብምምሕዳር ከተማ ፍሉጥ ዝኾነ ስልጥና ዝቐሰመ ግላዊ ተቆጻጻሪ

## ክትትል እንታይ የጠቓልል?

እዚ ብትካል RRIO ዝካየድ ቁጽጽር ኩነታት ኣባይቲ፡ ንመሰራታዊ ረቋሒታት ናይ መንበሪ-ገዛ ዝድህስስ እዩ ። እቲ ተቆጻጻሪ ንከም ቁጽሪ

- ዝኣመሰለ መሰረታዊ ነገራት ይርኢ:-ዝኾነ ነኧላት ወይ ውን ነቓዓት ኣብ መንደቕ ይኹን ኣብ ናሕሲ ክህሉ የብሉን
- ቦምቢናን ሽቓቕን ብግቡእ ይሰርሕ ምህላዉ ምርግጋጽ
- መዓጹን ፍኒስትራታትን ውሑሳትን ብግቡእ ይዕጸዉን ይኽፈቱን ምህልዎም ምርግጋጽ
- ንቐጻሊ ዝተተኽለን ብግቡእ ዝሰርሕን መሞቒ ምህላዉ

ቁጽጽር ክበሃል እንከሎ ዋኒንኩም፡ ከመይ ትንብሩን፡ ኣብታ እትነብሩላ ስፍሓት እንታይ ከም እትገብሩን ምርኣይ፡ ማለት ኣይኮነን ።

**ኩሎም ኣገዳስቲ ባእታታት ቁጽርር ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.seattle.gov/RRIO ብምእታው ክትርእይዎ ትኽእሉ።**

### ኣባል ቁጽጽር RRIO ዝገብሮ:-

- ኩሉ ክፍልታት ናይቲ መንበሪ-ገዛ ብደቂቕ ምርኣይ
- ደገኣዊ ክፍልታት ናይቲ መንበሪ-ገዛ ምርኣይ
- ትሕቲ ቦምቢኖን ድሕሪ ዝተተኽለ ንብረትን ክርኢ ይኽእል

### ኣባል ቁጽጽር RRIO ነዚ ዝስዕብ ኣይገብርን እዩ:-

- ውልቃዊ ነገራትኩም ምርኣይ
- ዓራውትን ከረደንሳታትን ካልእ ንብረትን
- ሕጋዊ ኩነታት ኣተሃላዋኹምን ዘይሕጋዊ

## እቲ ቁጽጽር ብኸመይ ይካየድ?

### 1 ሓበሬታ

ቁጽጽር ቅድሚ ምክያዱ ብውሑዱ ብክልተ መዓልቲ ኣቐዲሙ ብዋና ገዛ ወይ ኣመሕዳሪ ናይቲ ኣባይቲ ቁጽጽር ክካየድ ምዃኑ ክሕበረኩም ኣለዎ።

እቲ ቁጽጽር ብኸመይ ይካየድ ምስ ዋና ገዛ ተረዳዲእኩም ሓደ ውጥን ከተውጽኡ ኣለኩም። ብመሰረት ሕጊ ከተማን ሃገርን ቁጽጽር ክትክልክሉ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

### 2 ተዳለዉ

ቅድሚ ቁጽጽር ምክያዱ ዋና ገዛ ክፈልጦ ዝግበኦ ዝተበላሸወ ነገር ምስ ዝህሉ ሓብሩ ኢኹም።

ኩሉ ክፍልታት ናይ መንበሪ ገዛኹም እቲ ተቀጻጻሪ ክርእዮ ከም ዝኽእል ግበሩ። ክርአ ዘይትድልይዎ ውልቓዊ ነገራት ምዝህሉ ኣርሕቕዎ።

### 3 ናይ ምርኣይ ዕድል ምሃብ

ኣብ መዓልቲ ቁጽጽር፡ ተቆጻጻሪ ገዛ መጺኡ ስርሑ ከም ዘካይድ ኣረጋግጹ።

ኣብ መዓልቲ ቁጽጽር ገዛ ክትርከቡን ዘይክትርከቡን ናትኩም ምርጫ እዩ።

### 4 ድሕሪ ቁጽጽር ዝስዕብ

ወናኒ ገዛን ኣመሓዳሪ ኣባይትን ብዛዕባ ውጽኢት ናይቲ ቁጽጽር ከም ዝሕበሮም ይግበር። እትነብሩሉ ገዛ ነቲ መለክዒታት ዘማልእ ድዩ ኣየማልእን ኣብዚ ብምእታው **www.seattle.gov/sdci** ክትርእይዎ ትኽእሉ። “Find Status and Activity” (ኣድራሻኹም ኣብቲ) ዝብል ቦታ ብምእታው ውጽኢት ቁጽጽር ክትረኽበዎ ትኽእሉ።

እቲ ቁጽጽር ዝኾነ ጉድለታት ኔርዎ ምስ ትብሉ ወይ ውን ዝኾነ ዝተረስዐ ወይ ውን ዘይተራእየ ናይ መሳለጥያ ወይ ውን ድሕነት ነገር ምስ ዝህሉ፡ ንዋና ገዛ ክትሕብሩ ወይ ውን ናብ RRIO በዚ ዝስዕብ ቁጽሪ ስልኪ **(206) 684-4110** ደዊልኩም ክትሕብሩ ትኽእሉ።

